በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላኽ፡ ኣሜን።

Archangel Gabriel Eritrean Orthodox Church of NY
ቅዱስ ገብርኤል ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶቤተ ክርስቲያን
ኒው ዮርክን ከባቢኣን
C/O Our Lady of Lourdes R.C. Church, 469 W. 142nd Street, N.Y, NY 10031

---

## ዓመታዊ ክብረ በዓል ቅዱስ ገብርኤል ቤተ ክርስቲያን ኒው ዮርክን ከባቢኣን ብመንፈሳዊ በረኸትን ፍቕርን ተዛዚሙ።

ብዕለት 29 ታሕሳስ 2007 (19 ታሕሳስ 2000 ዓም. ግ) ዝተባዕለ ዓመታዊ ክብረ በዓል ቅዱስ ገብርኤል ቤተ ክርስቲያን ኒው ዮርክን ከባቢኣን ብመንፈሳዊ በረኸትን ፍሉይ ታሕጓስን ልባዊ ፍቕርን ብሰናይ ተዛዚሙ። ከምቲ ኩሉ ግዜ ዝግበር ዓመታዊ ንግደት ናይ ቅዱስ ገብርኤል ቤተ ክርስቲያን ኒው ዮርክን ከባቢኣን ሎሚ ዓመት ድማ ብሓይሊ እግዚኣብሔር ብክቡራት ኣቦታት ካህናትን ዲያቆናትን ብምእመናን ህዝበ ክርስቲያንን መንእሰያት ትምህርቲ ሰንበትን ተወሃሂዱ ብምዕሩግ ኣገባብ ተኸቢሩ ውዒሉ ።

ብተወሳኺ ካብ ዕለት 26 ክሳብ 28 ታሕሳስ 2007 ብን/ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ ተመዲቡ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ኒው ዮርክ ናይ ሰለስተ መዓልቲ ስልጠና ንካህናትን ዲያቆናትን ተዋሂቡ። ገለ ካብቲ ዝተዋህበ ኣስተምህሮታት፣ ብዛዕባ ምምሕዳር ቤተ ክርስቲያን፣ ሜላ ስብከት፣ ሕግን ቀኖናን፣ ትምህርቲ ሃይማኖት ንምእመናንን መንእሰያትን፣ ናይ ኮምፒተርን ስልጠና ዝጠቓለለ እዩ ነይሩ።

ኣቦና ዳዊት "እንሆ ኣሕዋት [ህዝቢ እግዚኣብሔር] ብሓደ ሓቢሮም ክነብሩስ ክንደይ ሰናይን ጥዑምን እዩ ።" መዝ 133፡1 ከምዝበሎ ምእመናን ህዝበ ክርስቲያን ኣብ ቤት ኣምላኽ ብሓደ ተኣኪቦም ክምህለሉን ንእግዚኣብሔር ከመስግኑን ኣምላኽ ዝሕጎሰሉ ስራሕ ስለዝኮነ ኩልና ሰዓብቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ሓቅን እምነትን ሒዝና ኣብ ክንዲ ጽልኢ ፍቕሪ ከነዘውትር ካብ ባእሲ ዕርቒ ክንመርጽ ካብ ምጥርጣር ኣብ ሃይማኖትና ክንጸንዕ ኣምላኽ ይደግፈና። ንኹሎም ተሳተፍቲ በዓልና እግዚኣብሔር ምድራዊ ሃብትን ሰማያዊ በረኸትን ክህቦም እናጸለና ካብቲ ንሕና እንልምኖን እንሓስቦን እምብዛ ኣዕዚዙ ክገብር ዝከኣሎ እሙን ኣምላኽ ንፓትርያረክና ኣቡነ እንጦንዮስ ብሰላምን ጥዕናን ይሓልወልና።
በረኸት ቅዱስ ገብርኤል ምስ ኩልና ይኹን!

ሰበኻ ጉባኤ ቅ/ገብርኤል ቤተ ክርስቲያን
ኒው ዮርክ